

# መክቱ ኤርትራውያን ፡ መግቱ

መክቱ ኤርትራውያን ፡ መግቱ

ዋይት ሃውስ ኣካውንት ክፈቱ

ቀልሙ ኤርትራውያን ፡ መክቱ

ኣለና በሉ ሰርቱ

ጨምቱ ኤርትራውያን ኣምቱ

ናብ ገዛ ጻዕዳ ጠምቱ

ይቃላሕ ድምጽኹም ኣብ ቤቱ

በታ ቀጣን በትሪ ሓቂ ኣመልክቱ

ከትሙ ኤርትራውያን ኀልብቱ

ስልቲ ቀያይሩ ገምቱ

ምፍራም ኣይትሕመቑ ተዓወቱ

ስምረትና ይፈለጥ ርዝነቱ

ስርሒት ግበሩ ኤርትራውያን ዝመቱ

ሰብ ፈንቅል ኢኹም ኀይቶቱ

ብተወንጫፊ ብርዒ ፈንክቱ

ሱዛን ራይስ ክትቡንቀር ንምሸቱ

ሰስኑ ኤርትራውያን በርክቱ

ቁጽርኹም ክብ ይበል የመንቱ

ፈርሙ ኤርትራውያን ደርቱ

“እንቢ ንመግዛእቲ” በሉ ነይቱ

መግቱ ደቂ ኤረይ ሕጂ መክቱ

ካልእ ከየስዓበ ኣዕግቱ

ህጀሙ ኤርትራውያን ከይትጸንቱ

ደናብ ወያነ ኮነ መወልቱ

ሕሶቶም ክቃላዕ ከይግብቱ

ሰላምና ክሰፍን መወዳእቱ

ሎሚ መክቱ፡ ሰርቱ
ጽባሕ ብታሪኽ ከይትሕተቱ !

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ህዝባዊ መኽተ ምስ ሶፍያ ተስፋማርያም
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ
10 ታሕሳስ 2011